# ድሕነት

ንሰላም፡ ንደሞክራሲ፡ንፍትሒ፡ ንማዕርነት፡ ንምዕባለ፡

ብቤት ጽሕፈት ዜናን ባህልን ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
ትዳሎ ክልተ ወርሓዊት መጽሄት
ወርሒ ሕዳር- ታሕሳስ 2009፡ 4ይ ዓመት፡ ቁ.41

- ዓወት ንፖለቲካዊ ውሳኔታት ቀዳማይ ጉባኤ ግሃድኤ!!
- ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ !!

# *መልእኽቲ ድሕነት*

## *ኮንፈረንስ ብራሰልስ ናበይ ገጹ?*

*ሕቶ ደሞክራስን ሰላምን ኣብ ኤርትራ ፍትሓውን ርትዓውን ሕቶ ህዝቢ ኤርትራ'ዩ። ናይ ደገ ሓይልታት ሕቶ ኣይኮነን። ካብዚ ህልዊ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ እቲ ቀዳማይ ተጎዳኣይ ህዝቢ ኤርትራ'ዩ። ስለ ዝኾነ፡ ድማ ከምቲ ግዳይ ዲክታቶርያዊነት ኮይኑ ዘሎ፡ ኣብ ምውዳቑ'ውን ቅድመ ግንባር መስርዕ ሒዙ ዝስለፍ ከኣ ንሱ'ዩ። ብሙሉእ ይኹን ወይ ብክፋል ንገድላዊ ግዲኡን ኣሰላልፋኡን ዝትክእ ዝኾነ ይኹን ግዳማዊ ሓይሊ የሎን። ካብ'ቲ ኣብ ኤርትራ ክሰፍን እንቃለሰሉ ደሞክራስን ሰላምን ጉዳይ፡ ቀዳማይ ተረባሓይ ህዝቢ ኤርትራ ብምዃኑ ኣብ መስርዕ ቅድመ-ግንባር ተሰሊፉ ዝቃለስ'ኳ እንተኾነ፡ ንበይኑ ግን ናይ መጀመርታን መወዳእታን ተጠቃማይ ከም ዘይኮነ ዘካትዕ ኣይኮነን። ብሰንኪ ህልዊ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ሃገራዊ ረብሓታቶም ዝተሃሰዮም፡ ወይ ሃገራውን ዜናውን ሰላሞም ዝተዘረጎም፡ ወይ'ውን ኣህጉራዊ ረብሓታቶም ዝተተንከፎም፡ ጎረባብቲ ሃገራት ይኹኑ ዞባውን ኣህጉራውን ማሕበረሰብ ኣብ ምውዳቕ ስርዓት ኢሳያስ ቀጥታዊ ረብሓታት ኣሎዎም። ኣብ ጎኒ ህዝቢ ኤርትራ ዝስለፉ ሓይልታት ሰላም'ዮም። ኣብ ምግጣም ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ብድሕሪ ህዝቢ ኤርትራ መስርዕ ሒዞም ዝቃለሱ ዘይኮኑስ ጎኒ-ጎኒ ህዝቢ ኤርትራ ዝስለፉ መሓዙት ሓይልታት'ዮም። ናይ መሓዙት ዞባውን ኣህጉራውን ሓይልታት ኣሰላልፋ ክቕይር ዝኽእል ወይ ዝሰርዝ፡ ፖለቲካዊ ተንታን ክመጽእ ኣይክእልን።*

*ስርዓት ኢሳያስ ናይ ህዝቢ ኤርትራን ዞባውን ኣህጉራውን ፈተውቱን ኣብ ሕድ-ሕዱ ዝተኣታተወ ሃገራውን ኣህጉራውን ሰላምን ረብሓታትን ዝጻባእ ከም ምዃኑ መጠን፡ ህዝቢ ኤርትራ ካብ ፈተውቱ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ደገፍ ከይረኽበ፡ ንበይኑ ብድኹም ባዕላዊ ሓይልታትን ዓቕምታቱን ተቓሊሱ ክዕወት ኢልካ ምሕሳብሲ ዝተነጸረ ዕላማ ፖለቲካዊ ዘይብሉ ባዶሽ ፈኸራ'ዩ። ቅድሚ ሕጂ ይኹን ንብድሕሪ ሕጂ ናይ ፈተውቲ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ደገፍ እንከይረኸበ ኣብ ልዕሊ ጸላእቱ ዝተዓወተ ህዝቢ ወይ ዝዕወት ህዝቢ የሎን። ብዘይ ተቓላሳይ ህዝቢ ናይ መሓዙት ደገፍ ክርከብ ኣይክእልን። ዝሃርሞ ፖለቲካ ዕላማ'ውን የብሉን። በዓል ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራን መሓዙቱ ዞባውን ኣህጉራውን ሓይልታትን፡ መሓዙት ሓይልታትን በዓል ጉዳይ ህዝቢ ኤርትራን ዕማማቶም ኣብ ምፍጻም ኣሰላልፋኦምን ግደታቶምን'ዩ ዝፈላለ'ምበር ዝነጻጸሉ ኣይኮኑን። ሃገራውን ዞባውን ኣህጉራውን ዝተወሃሃዱ ሓይልታትዮም።*

*ካብዚ ብምብጋስ ኣብ ኮንፈረንስ ብራሰልስ ጉዳይ ኤርትራ ንምርኣይ ዝተኣከቡ ሓይልታት፡ ብመንጽር ተደላይነት ደሞክራስን ሰላምን ኣብ ሃገርና ክንርእዮም እንክለና ፈተውቲ ህዝቢ ኤርትራ'ዮም። ኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃን መስመር ቀይሕ ባሕርን ሰላም ንምስፋን ከዓዪ ክሓስብ እንክሎ ብቐጥታ ጉዳይ ኤርትራን ህዝቢ ኤርትራን ኣብ ኣጀንዳታቱ ክሰርዖ ይግባእ። ኤርትራ ኣብ ገዛእ ርእሳን ኣብ ከባቢኣን ደሞክራስን ሰላምን ንምስፋን ኣወንታዊ ሓያል ባእታ ንምዃን ኣብ ዞባዊ ይኹን ኣህጉራዊ መጋባእያታት ጉዳያ እናሻዕ ክበኩር ኣይግባእን። ደሞክራሲያዊት ኤርትራ ኣብ ምንጋስ ዞባዊ ሰላም ኣገዳሲ ግደ ከተበርክት ከም ትኽእል ክዝንጋዕ የብሉን።*

*ኣብ ኤርትራ ክረጋገጽ እንቃለሰሉ ዘለና ጉዳይ ደሞክራስያዊ ለውጢ ኣብ ኣህጉራዊ መመደሪ መጋባእያታት ደይቡ፡ ንኤርትራውን ኣህጉራውን ሓይልታት ዝሓወሰ ዞባዊ ይኹን ኣህጉራዊ ዘየግላሊ ኣሳታፊ ኮንፈረንሳት ምክያድ፡ ኣብ ምንጻል ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ በብደረጃኡ ረዚን ግደ ዝጻወት ኣድላዪ ኣልያ ስለ ዝኾነ ድላይናዩ። ጉዳያት ደሞክራስን ሰላምን ኤርትራ ኣብ ኣህጉራዊ መመደሪ ብቅኑዕ ኣገባብ ምድያብ ማለት ቃልሲ ህዝብና መንገዲ ዓወት ሒዙ ምህላዉ ዝገልጽ'ዩ። ኣብ ኣህጉራዊ መድረኽ ቀሪብና ንስርዓት ኢሳያስ ከነቃልዕን ረቛሒታት ተዓዋትነት ከነተኣኻኽብን ምኽኣልና ንባዕሉ ናይ ፖለቲካን ሲቪልን ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ ሓባራዊ ሃገራዊ መኸሰብ'ዩ። ኩሎም ሃገራዊ ሓይልታት ምእንቲ ነዚ መኸሰብ'ዚ ንምርግጋጽ ዝቃለሱ ምዃኖም ዘጠራጥር ነገር የብሎምን።*

*ኣብ ከተማ ብራሰለስ ካብ 9-10 ሕዳር 2009 ብቐንዱ ኣብ ጉዳይ ኤርትራ ፖሊሲታት ሕብረት ኤሮጳን ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካን ንምውህሃድ ዝዓለመ ብኣማኸርቲ ጉዳያት ወጻኢ ኤሮጳ (EEPA) ዝተወደበን ዝተጸወዐን ንሰለስተ ውድባት ኣባላት ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ብዘይ ካልኦቶም ዝሓወሰን ኮንፈረንስ ከም ተኻየደ ዝዝከር'ዩ። ኣብ ኤርትራዊ ፖለቲካ ኣካታዒ እዋናዊ ዛዕባ ኮይኑ ቀንዩ'ዩ። ኮንፈረንስ ብራሰልስ ከም ዓውዲ ፖለቲካ ክጥመት እንክሎ፡ ህልዊ ኩነታት ኤርትራ እንኮላይ ንኣህጉራዊ ማሕበረሰብ ዘሻቕል ደረጃ በጺሑ ምህላዉ ዘርእየና ኣገዳሲ ምልክት'ዩ።*

*ወደብቲ ኣካላት ኮንፈረንስ ብራሰልስ ኣብ ደሞክራስን ሰላምን መሰረታዊ ሓባራዊ ረብሓታት ንዘሎዎም ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራን፡ ኣብ ፖለቲካዊ ቻርተር ኤርትራዊ ዲሞክራሲያዊ ኪዳን ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምውዳቕ ኩሉ ዝካኣል ኣገባብ ቃልሲ ንምጥቃም ኣብ ዝብል ሓባራዊ ስምምዕ ንዝፈረሙ ፖለቲካዊ ውድባትን ሰልፍታትን፡ ሰላማዊ ኣገባብ ቃልሲ ዝኽተላን ዓመጻዊ ኣገባብ ቃልሲ ዝኽተላን ብዝብል ፈላልዮምዎም። ንሲቭል ሃገራዊ ሓይልታት መምዘኒኦም ብዘይተፈልጠ ፈላሊዮምዎም። ከምኡ'ውን ንሃገራዊ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ካብ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ (ኢትዮጵያ ማለቱ'ዩ) ዝሕገዙን ዘይሕገዙን ብዝብል ፈላልዮም።*

*ናይዚ ምምቕቓል'ዚ ፖለቲካዊ ተንታን ንሃገራዊ ፖለቲካዊ ሓይልታት ኤርትራ ጥሩፋትን ለዘብትን ናይ ኢትዮጵያ መሳርሕን ዘይመሳርሕን ጌሩ ዝወስድ ኮይኑ፡ ነቶም ለዘብትን ናይ ኢትዮጵያ መሳርሒ ዘይኮኑን ዝብልዎም ፖለቲካውን ሲቪላውን ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ ንኩነታት ኤርትራ ኣብ ምዕራይ ኣወንታዊ ግደ ዝህልዎም ጌሮም ብምርኣይ ኣብ ሓደ መስርዕ ኣሰሊፎም ከቕርብዎም እንከሎው፡ ነቶም ዝተረፉ ካልኦት ፖለቲካውን ሲቪላውን ሃገራዊ ሓይልታት ድማ ኩነታት ኤርትራ ኣብ ምዕራይ ኣወንታዊ ግደ ዘይህልዎም ጌሮም ብምውሳድ ኣብ ካልእ መስርዕ ብምስላፍ ኣግሊለሞም። ኮንፈረንስ ብራሰልስ በዚ ዓይነ'ዚ ክረአ እንከሎ ውጽኢታቱ ኣብ ህዝቢ ኤርትራ ሰግረ ፖለቲካዊ ካልኣዊ ፍልልያት ሃገራዊ ሓይልታት ዝኸይድ ኣተሓሳስባ ዝፈጥር'ዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ብንጹር ኣዘራርባ ኣብ ሞንጎ ዝተፈላለዩ ክፍልታት ህዝብና ይኹን ኣብ ሞንጎ ዝተፈላለዩ ፖለቲካውን ሲቪላውን ሃገራዊ ሓይልታት ብግሁድ ወይ ብስቱር ሓደ ካብ'ቲ ካልእ፡ ወይ'ውን ገለ ካብ'ቶም ካልኦት ብምፍራሕ ኣብ ነንሕድሕዱ ብዓይኒ ስግኣት ክጠማመት ኮይኑ'ዩ። ነዚ ኣብ ግምት ብምእታው ኮንፈረንስ ብራሰልስ ኣብ በኹሪ መድረኹ ዝፈጸሞም ጌጋታት ንምእራምን ኣብ መጻኢ ጊዜ ኣሳታፊ ኮንፈረንስ ንምውዳብን ክኽእል፡ ናይ ሕጂ ሕጽረታቱ ካብ ምድህሳስ ሰጊርካ ናብ ምኹናን ምዕራግ ንቃልስና ኣየገልግልን'ዩ።*

*ኣብ ህልዊ ዓውደ ፖለቲካ ኤርትራ ዛጊት ካብ ዝዋስኡ ዘሎዉ ሓይልታት ኤርትራ ሰላማዊ ፍታሕ ዝጻረር ዋላ ሓደ የሎን። ሰላማዊ ስግግር ስልጣን ዝጻረር ዋላ ሓደ የሎን። ፖለቲካዊ ሰላማዊ ኣገባብ ቃልሲ ዝጻረር ዋላ ሓደ የሎን። ንዓመጻዊ ኣገባብ ቃልሲ ብወግዒ ዝኹንን ዋላ ሓደ የሎን። ካብ ዝኾነ ሃገራት ብሓፈሻ ካብ ጎረባብቲ ሃገራት እንኮላይ ኢትዮጵያ ድማ ብፍላይ ሓገዝ ዘይደልን ዘይሓትትን ዋላ ሓደ የሎን። ኩነታት ኤርትራ ምስ ስርዓት ኢሳያስ ንበይኑ ክፈትሕ ዝኽእል ዋላ ሓደ የሎን። ምስ ስርዓት ኢሳያስ ብሓባራዊ ልኡኽ ዘተ ምኪያድ ዝጻረር ዋላ ሓደ የሎን። ስለ'ዚ ኮንፈረንስ ብራሰለስ ዝወደቡ ወገናት ዝተኸተልዎ ፍልያ ኣብ ወድዓዊ ጭቡጥ ኩነታት ተቓወምቲ ሃገራዊ ሓይልታት ኤርትራ ዝተመስረተ ኣይኮነን።*

## ፖለቲካዊ ውሳኔታት ቀዳማይ ጉባኤ
## ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ:

1. ኣብ ኤርትራ መሬት ምውናን ዘይገሃስ መሰል ወነንቱ ምዃኑን፡ ብዘይ ድሌት ዋናታቱ ይኹን ተመጣጣኒ ካሕሳ ከይተኸፍሎም ኣብ ኣገልግሎት ክውዕል ከም ዘይብሉን፡ ቀዳማይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ወሲኑ።

2. ጉባኤ ቀዳሞት ኣውራጃዊ ምምሕዳራት ክምለሱ ወሲኑ።

3. ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ጠርናፊ ጽላል ኩሎም ኤርትራውያን ተቓወምቲ ሓይልታት ምዃኑ ብምቕባል፡ ከም ቀንዲ ተጣባቓይ ኤርትራዊ ጉዳያት፡ ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን ክልታት ናብ ዘይስገር ወይ ዘይነዓቕ ብርኪ ንምድያቡ፡ ግደኡ ክዓዝዝ ከም ዘለዎ ርእዩ። ምስ'ዚ ብምትእስሳር፡ ተደላይነት ምክያድ ሃገራዊ ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ኣስሚሩሉ።

4. ኣብ'ቲ ኤርትራውያን ስደተኛታት ዘሕልፍዎ ዘለዉ ስቓያት፡ ኣቓልቦ ሃገራትን ሰብኣውያን ማሕበራትን ንምስሓብ ምእንቲ፡ መሪሕነት ዝከኣሎ ጻዕርታት ከካይድ ጉባኤ መዚዙ።

5. ህዝብና ዘሕልፎ ዘሎ መሪር ቍጠባዊ ኩነታት፡ ብፍላይ ድማ ኣጋጢምዎ ዘሎ ጥሜትን ዓጸቦትን ንምሕባእ፡ ስርዓት ዘካይዶ ዘሎ ከንቱ ፈተነታት ጉባኤ ኰኒኑ። ሰብኣውያን ማሕበራት ኣብ ኤርትራ ኣትየን ስራሕተን ከካይዳ ምእንቲ እቲ ስርዓት ከፍቅድለን ድማ፡ ኣህጉራዊ ሕብረተሰብ ትርጉም ዘለዎ ጸቕጢ ኣብ ልዕሊ ስርዓት ከካይድ ጸዋዒቱ ኣቕሪቡ።

6. ጉባኤ ነቲ ጨቋኒ ፖሊስታትን ተግባራትን ስርዓት፡ ብፍላይ ድማ ዜጋታት ካብ ከባሳትት ኤርትራ ኣፈናቒሉ፡ ኣብ'ቲ ምስ ወሳናስን ሱዳን ዝዳወብ ምዕራባዊ ጎላጉል ብምጥያስ ዝክተሎ ዘሎ ፖሊሲ ደሞግራፍያዊ ለውጢ፡ ማሕበራውን ባህላውን ሃይማኖታውን መለለዩታት ኤርትራዊ ሃገራዊ መንነት ንምብራስ ዝዓለመ ብምዃኑ ኰኒንዎ።

7. ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ንስርዓት ጠንጢኖም ኣብ ጐድኒ ንነጻነትን ደሞክራስን ዝቃለስ ዘሎ ህዝቦም ክስለፉ ጸዋዒቱ ኣቕሪቡ።

8. ነቲ ኣብ ምብራቓዊ ዞባ ኤርትራ ተላዒሉ ዘሎ ዘይሕለል ተቓውሞ እናሞገሰ፡ ኣብ ውሽጥን ደገን ዘሎ ህዝብና ክድግፎ ጸዋዒቱ ኣቕሪቡ።

9. ኣብ ሞንጎ ውድብናን ኣሕዋት ውድባት ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ዘሎ ሰናይ ምውህሃድ እናድነቐ፡ ውህደት ኩሎም ወተሃደራዊ ክንፍታት ምርግጋጽ ኣድላዪ ምዃኑ ርእዩ።

# እምቢታዊ መኽተ

## ኣብ ምብራቓዊ ኣከለጉዛይ:

ካብ ቀረባ ኣዋርሕ ኣትሒዙ፡ ኣብ ምብራቓዊ ኣጻድፍ ኣከለጉዛይ፡ ብረታዊ ዓመጽ ኣንጻር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ምውልዑ፡ ካብ ዝተፈላለዩ ምንጭታት ክናፈስ፡ ብፍላይ ድማ ካብ ግሃድኤ ክቃላሕ ምጽንሑ ዝዝከር'ዩ። ሎሚ ግንባሩ ቀሊዑ ኣንጻር ስርዓትን፡ ሕድሪ ስውኣት ዝጠለሙ ዕሱባት መጋበርያታቱን፡ ኣብ ሽንጥሮታትን፡ ኣጻድፍን፡ ጎላጉልን ምብራቓዊ ኣከለጉዛይ ዝዋደቕ ዘሎ ተቓውሞ ዕጡቓት ሓርበኛታት ሃገራውያን፡ መቐጸልታን ዝለዓለ መግለጽን ናይ'ቲ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ማእገር ህዝቢ ኤርትራ ካብ ዝሕንገር ኣትሒዙ፡ ፈኺም እናበለ ክምዕብል ዝጸንሐ ዘገምታዊ ህዝባዊ ተቓውሞ'ዩ። እዚ ሕጂ ዝግንፍል ዘሎ ናዕቢ፡ ውጽኢት ናይ'ቲ ኣብ ዓመታት ጭቆናዊ መግዛእቲ ግናይ ስርዓት ህግደፍ ዝተዋህለለ ሓርቖትን መረረታትን ሕንሕነን ህዝቢ ደኣ'ምበር፡ ከም'ቲ ካልኦት ዝብልዎ፡ ሕጂ ብሃንደበት ተጠኒሱ ዝውለድ ዘሎ ተኣምራታዊ ተርእዮ ኣይኮነን። ብቐንዱ ድማ መቐጸልታ ናይ'ቲ ጨካን ስርዓት ህግደፍ ስልጣን ብኢደ ወነኑ ካብ ዝጭብጥ ኣትሒዙ፡ ውልቀ-መላኺ ኢሳያስ ክኽተሎ ዝጸንሐ መወዳድርቲ ዘይብሉ ኣስካሕካሒ ጭቆናን፡ ብዝበዛን፡ ማእሰርትን፡ ቅትለትን፡ ጭውያን፡ ምስዋር ደቂሰባትን ምጻር ሓርቢትዎ፡ ብረቱ ከይተረፈ ራሕሪሕሎም ኣብ ኩሉ ኩርናዓት ዓለም ንዕርበቱ ክጠፍእ ዝጸንሐን ዘሎን ውልዶ መንእሰይ ኤርትራ'ዩ። ብካልእ ኣዘራርባ፡ ሕጂ ዝባራዕ ዘሎ ወተሃደራዊ ዓመጽ ውጽኢት ዝተዋህለለ ቁጥዐን፡ ሓዘንን፡ ዘይወጽእ ጣዕሳን ናይ'ቶም ህይወቶም ንሓደጋ ኣሳጢሖም ናብ ስደት እናምርሑ እንከለዉ፡ ኣብ ፈቐዶ ኣጻምእን ምድረ-በዳን ሱዳንን ልብያን ንቡር ቀብሪ ከይረኸቡ ማዕበል ሕጻ ደፊንዎም ዝተረፉን፡ ካልኦት ብውሕስነት ዘይብለን ኣረግቶት ጀላቡ ባሕሪ ክሰግሩ እንከለዉ ቀለብ ዓሳ ነባሪ ዝኾኑን፡ ማእለያ ዘይብሎም ዕሽላት ኤርትራውያን'ዩ። ምስ'ቲ ዛጊት ኣብ ሃገርና ክምዕብል ዝጸንሐ ተርእዮታት ተቓውሞ ዝፈላልዮ እንተልዩ፡ ክሳብ ሕጂ መብዛሕትኡ መንእሰይ ኤርትራ በስገዳድ ዝሓንገጦ ብረት ከይተረፈ ጠንጢንሎም ናብ ስደት ብምምራሕ ተቓውሞኡ ክገልጽ እንከሎ፡ እዚ ሕጂ ኣብ ምብራቓዊ ሸነኽ ኣከለጉዛይ ክዓኩኽ ጀሚሩ ዘሎ ብረታዊ ተቓውሞ ግን፡ ካብ ሕምብርቲ ሰራዊት ስርዓት ህግደፍ ኣሻፈረይ'ሉ ዝወጸ'ዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ካብ ሃገር ምህዳም ንሓዋሩ ነባሪ ፍታሕ ከም ዘየምጽእ ዝኣመነን፡ ነዚ ስርዓት'ዚ ሓንሳብን ንሓዋሩን ካብ ሱሩ ብምልጋስ፡ ህዝቡን ሃገሩን ካብ ምብዳምን ምብትታንን ንምድሓን፡ ኣብ ውሽጢ ሃገሩ ኣፍልቡ ገቲሩ እናተዋግአ፡ ክሳብ ክቡር መስዋእቲ ዝፈትዋ ዕሸል ህይወቱ ክኸፍል ዝመረጸን ዝወሰነን ምዃኑ'ዩ።

ብሓደ ወገን፡ ኣብ ላዕሊ ከም መእተዊ ኣቕሪብናዮ ዘለና ሓፈሻዊ ሓተታ፡ ኤርትራ ሃገርና ካብ ባዕዳዊ መግዛእቲ ነጻ ካብ ትወጽእ ኣትሒዙ ክጋፋሕ ዝጸንሐን ዘሎን ኣስካሕካሒ ጭቆናን፡ ኣስዒብዎ ዘሎ መፈጠርካ ዘጽልእ ሕሱም መነባብሮን ንምብራህ'ዩ። ምስ'ዚ፡ ኣብ ህዝብና ኣስፊንዎ ዘሎ ክቱር ስነ-ኣእሙራዊ ዘይቅሳነትን፡ ከም ሳዕቤኑ እናበኣሰ ክመጽእ ዝጸንሐ ህዝባዊ ኣንጸርጽሮትን ቀቢጸ-ተስፋነትን ንባዕሉ፡ ኣብ ዝኾነ እዋን ካብ ዝሓለፉ እዋናት፡ ናብ ብረታዊ ምንዕዓብ ገጹ ከምርሕ ዝኽእል ተኽእሎታት ዝነበሮ ምዃኑ እኹል ስእሊ ንምሃብ'ዩ። እቲ ክሳብ ሕጂ ከይተማለአ ዝጸንሐ፡ ናብ ብረታዊ ጎንጺ ዘሰጋግር ብሱል በዓል ቤታውን ወድዓውን ባይታ ጥራሕ'ዩ። ኣብ ክሊ'ዚ ኣብ ኤርትራ ከንጸላሉ ዝጸንሐ ድነን ዘይፍሉጥ ኩነታትን፡ ነዚ ሕጂ ተተኲሱ ዘሎ ተርእዮ ብረታዊ ዓመጽ ንኽለዓል ፍሉይ ምልክታት ብምሃብ ዝደረኹ ኣገደስቲ ረቛሕታትን መንቀልታትን ግን ኣለዉ'ዮም። ካብኣቶም ድማ፡ ካብ ብዙሓት እዞም ዝስዕቡ ክንጠቅስ ንኽእል፡-

ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ነሓሰ 2008 ስርዓት ኢሳያስ ኣብ ልዕሊ ዝተፈላለዩ ከባብታት ወረዳ ሃዘሞን፡ ዓዲ ቀይሕን፡ ሰንዓፈን፡ ገማግም ቀይሕ ባሕርን ዝርከቡ ዓድታት መጠነ ሰፊሕ ዝኾነ ወተሃደራዊ ወፍሪ ብምክያድ፡ ማእለያ ዘይብሎም ሃገራውያን ምእሳሩን ምሕያሩን ዝተኣምኑ ምንጭታት ሓቢሮም ነይሮም'ዮም። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ብወገንና ካብ ዘረጋገጽናዮ፡ ካብ'ቶም ዝተኣስሩ ኣስታት 30 ዝኾኑ ህዝቢ ዘኽብሮምን፡ ከም መራሕቱ ዝፈልጦምን፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ተጸዋዕቲ ገዛውትን እንዳታትን፡ ኣረጋውያን ኣማኸርቲ ዓድታትን ኣለይቲ ስድራቤታትን፡ መማህራንን... ወዘተ ዝርከብዎም ምንባሮም ይፍለጥ። እዚ ተረኺቦ'ዚ ኣብ'ቶም ተገዲዶም ብዘይ ጻማ ስርዓት ህግደፍ መወዳእታ ዘይብሉ ባርነታዊ ኣገልግሎት ዘወፍዩ ዘለዉ ደቆም ዓብዪ ስንባደ ፈጢሩ'ዩ። ከም ሳዕቤኑ፡ ነዚ እንዳናን መረቤትናን ዝበታትንን ዘጽንትን ዘሎ ኣርዮስ ስርዓት ኣብ ክንዲ ምግልጋል፡ ብረትና ኣንጻሩ ኣቕኒዕና ክንቃወሞ'ዩ ዝግበኣና ዝብል ሓያል ስምዒታትን ዕግበታትን ኣብ ጉዕዞ እናሕደሩ ክመጹ ጸኒሖም እዮም። እዚ ስምዒታት'ዚ ድሮ ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ በጺሑ ናብ ምትኳስ ገጹ ይገማገም ከም ዘሎ ድማ፡ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ወርሒ ለካቲት 2009 ብዜናዊ መሓውራቱ ኣቢሉ ብምቅላሕ ኣጠንቂቑ ምንባሩ ይዝከር።

ብዘይካ'ዚ ኩነታት ናብ ብረታዊ ረጽሚ ገጹ ከምርሕ ክደፋፍእ ዝጸንሐ ካልኣይ ኣገዳሲ ረቛሒ፡ መሬት ናይ መንግስቲ'ዩ ኣብ ትሕቲ ዝብል ምስምስ፡ ስርዓት ኢሳያስ ካብ ጊሓቱ ኣትሒዙ ክኽተሎ ዝጸንሐ ግጉይ ቅዋም መሬትን፡ ኣብ ሓረስታይ ሃገርና ኣስዒብዎ ዘሎ ምዝንባልን ከርፋሕ መነባብሮን'ዩ። እዚ ድማ፡ "ንርስቲ ይዋግኣላ ኣንስቲ" እናበለ ንወለዶታት ምስ መሬት ዝጸንሐ ጥቡቕ ምትእስሳር ከመስክር ንዝጸንሐ ህዝቢ፡ ዝተፈላለየ ምስምሳት እናፈጠረ መሬቱ ብምምንዛዕ፡ ንመሻርኽቱ ኣዋፈርቲ ካፒታልን ዋናታት ሰፋሕቲ ሕርሻዊ ኮንሰስዮናትን ምዕዳል'ዩ። እቲ ዝበኣሰ ድማ፡ ካብ'ቲ ውሕስነት መነባብሮኡ ዝኾነ መሬቱ እንዳመንዘዐ፡ ኣብ ገዛእ መሬቱ ናብ ዕለታዊ ሰራሕተኛ ብምቕያር፡ ኣብ ትሕቲ ምሕረት ሃብታማት ሓረስቶት ከም ዝነብር ብምግባር ኣብ ህዝብና ኣስዒብዎ ዘሎ ኣደራዕ'ዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ካብ ማሕረስ ናብ ዕለታዊ ሰራሕተኛ ብብዝሒ እናተቐየረ ዝኸይድ ዘሎ ገባር ዝቕበል ምዕቡል ኣብያተ-ዕዮታትን ዘመናዊ ኢንዱስትሪታትን ኣብ ዘይብላ ከም ኤርትራ ዝኣመሰለት ሃገር፡ ዝተዓዛዘሮ ስራሕ-ኣልቦነትን ጥሜትን ነዳይ መነባብሮን ኣብ ህዝብና እናስፋሕፍሐ ይኸይድ ምህላዉ፡ እኹል መረጋገጺ ጥፈሻን ናይ'ቲ ዝኽተሎ ዘሎ ኣዕናዊ ፖሊሲታትን ተግባራትን ኮይኑ ይርከብ።

ካልእ ኣብ ምስዋር ብረታዊ ናዕቢ ደራኺ ምኽንያት ክኸውን ይኽእል'ዩ ኢልና ንግምቶ ረቛሒ፡ እቲ ካብ ቀረባ እዋን ኣትሒዙ ኣብ ሃገርና ከተኣታትዎ ጀሚሩ ዘሎ ኣዚዩ ሰባብን ሓደገኛን ዝኾነ ደሞግራፍያዊ ምቅይያር'ዩ። ነዚ ዘረጋግጽ፡ ድሮ ካብ ገለ ከባብታት ከበሳ ኤርትራ መላእ ዓድታት እናፈናቐለ፡ ኣብ ምዕራባዊ ቆላታት ኤርትራ ከስፍሮም ጀሚሩ ይርከብ። ሓደ ካብ'ቲ ንህዝቢ ኣዚዩ ዘሻቕል ዘሎ ጉዳይ ድማ፡ ብዘይካ'ቲ ብዘይ ወለንትኦም በስገዳድ ዝካየድ ዘሎ ሰፈራ ምዃኑ፡ ንምጥያሶም ዝኾነ ይኹን ምድላው ይግበረሉ ዘይምህላዉ ዘጓንፎም ዘሎ ጸገማት'ዩ። ብዘይካ'ዚ፡ እቶም ሓደስቲ ተጣየስቲ ምስ'ቶም ኣብ ዝጣየሱሉ ዘለዉ ከባብታት ዝነበሩ ተቐማጦን ዋናታት መሬትን ኣብ ቀጥታዊ ማሕበራዊ ቅልውላውን ጎንጽታትን ምእታዎም ዘይተርፎ ምዃኑ ዘሎ ስክፍታታት'ዩ። ክንዲ ዝኾነ ድማ፡ ካብ ንወለዶታት ክነብሩሉ ዝጸንሑ ዑና ኣቦታቶምን፡ መቓብር ኣቦ ሓጎታቶምን፡ ከምኡ'ውን ካብ'ቲ ካብ ንእስነቶም ኣትሒዞም ዝልለይሉ ምስ ባህልታቶምን ልምድታቶምን ዝተኣሳሰረ ታሪኻዊ ዝኽርታትን ርሒቖም ክነብሩ ክቕበልዎ ስለ ዘይከኣሉ፡ ሓያሎይ ዓድታት ኣብ ምቅዋም ይርከቡ ኣለዉ። እዚ ኮነ ኢሉ ህዝቢ ንምብስባስ ዘካይዶ ዘሎ ኣዕናዊ ተግባራት ድማ፡ ነቶም ብረቱ ዓጢቖም ዘገልግልዎ ዘለዉ ደቆም ብኣሉታ ክጸልዎምን፡ ብረቶም ኣንጻሩ ከቕንዑ ዘሎ ምናልባትነት እናዕዘዞ ክኸይድን ግድን'ዩ።

ካብ'ዚ ኩሉ ኣብ ህድማ መንእሰያትን፡ ምጅማር ብረታዊ ጎንጽን ብቐዳምነት ዝስራዕ ምኽንያታት ግን፡ እቲ ስርዓት ስልጣን ካብ ዝሕዝ ኣትሒዙ፡ ጸረ መንእሰያት ኤርትራን መጻኢ ዕድላቶምን ዝኾነ ብሽፋን ሃገራዊ ኣገልግሎት ከካይዶ ዝጸንሐን ዘሎን ኣዕናዊ ተግባራት'ዩ። ብርግጽ ድማ፡ ምስ'ቲ ኣብ መዛግብቲ ታሪኽ ጥራሕ ዝርከብ ዘመነ ጊላነት ዝመሳሰል፡ ንመንእሰያት ኤርትራ ካብ ቤተሰቦም ፈላልዩ ብዘይሞያ ኣብ መወዳእታ ዘይብሉ ባርነታዊ ኣገልግሎት ስርዓትን መጋበርያታቱን ጸሚዱ ዘሎ'ዩ።

ከም ሳዕቤን ናይ'ዚ ኩሉ ግፍዕታትን፡ ኣብ ልዕሊ ንፖሊሲታቱ ዝተቓወሙ ክፍጸም ዝጸንሐ ንሕስያ ዘይብሉ መቕጻዕትታትን ጭፍጨፋን፡ ክብርን ፍትሕን ዝጐደሎ ዓመጻዊ ኣከያይዳን ድማ፡ ካብ ለካቲት 2009 ጀሚሮም ገለ ኣሃዱታት ካብ ሰራዊቱ ተፈልዮም ናብ ኣጻንዕን በረኻታትን ምብራቓዊ ኣከለጉዛይ ከም ዝተፈልዩ ይሕበር። ነዚ ተርእዮ'ዚ ጌና ከይሰወደ ኣብ ዕሸሉ እንከሎ ንምቁጽጻር፡ ስርዓት ኢሳያስ 120 ዝኾኑ ወተሃደራት ኣዋፊሩ፡ ኣብ ዓዶ ዳጋ ዝተባህለ ከባቢ 6 ሰዓታት ዝወሰደ ጽዕጹዕ ውግእ ከም ዘካየደ ይፍለጥ። ኣብ'ዚ ውግእ'ዚ፡ ካብ ወተሃደራት ስርዓት ኢሳያስ ዓሰርተታት ውጉኣትን ምውታትን ክኾኑ እንከለዉ፡ ካብ'ቶም ተቓወምቲ 3 ብጅግንነት እናተዋግኡ ምስውኦም ይንገር። ካብ'ዚ ውግእ'ዚ ንደሓር፡ እቲ ክንዕቆን ከነኣእሶን ዝጸንሐ ወተሃደራዊ ዓመጽ፡ ኣብ ልዕሊ ስርዓቱ ናይ ሓደጋ ደወል ክድውል ምጅማሩ ኢሳያስ ክርዳእ ክኢሉ'ዩ። ምኽንያቱ ድማ፡ ካብ ሕምብርቲ ኣሃዱታት ሰራዊቱ ዝወጸን፡ ኣብ ውሽጢ ዓዱ ዝዋጋእ ዘሎን ብምዃኑ'ዩ።

ስርዓት ኢሳያስ ነዚ ተባሪዑ ዘሎ ወተሃደራዊ ዓመጽ ጌና ከየስፋሕፍሐ ከሎ ንምድምሳስ መደባቱ ኣብ ምድላው እንከሎ፡ ኣብ ዝሓለፈ ነሓሰ 2009 ዕጡቓት ተቓወምቲ ኣብ ልዕሊ ሓንቲ ኣብ መስመር ምጽዋዕን ዓሰብን ትንቀሳቐስ ዝነበረት ወተሃደራዊት መኪና ሃንደበታዊ መጥቃዕቲ ኣካይዶም፡ ኣብኣ ዝነበሩ ወተሃደራት ብምሉኦም ከም ዝተደምሰሱ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ምቅልሑ ይዝከር። እዚ ኣብ መራኸቢ መስመራት ሃገር ዝተኻየደ ፍልይ ዝበለ ስርሒት'ዚ ድማ፡ ናብ ደባይ ውግእ ይሰጋገሩ ምህላዎም ዘመልክት ዓይነታዊ ለውጢ ኮይኑ ምርካቡ፡ ስግኣት ስርዓት ኢሳያስ ኣብ ዝለዓለ ጥርዙ ከም ዝበጽሕ ገይርዎ ምህላዉ ዝተኣምኑ ምንጭታት ይሕብሩ።

ኣብ ሞንጎ ስርዓትን ዕጡቓት ተቓወምትን ዝካየድ ዘሎ ወተሃደራዊ ምትህርራም ከም'ዚ ኢሉ እናቐጸለ እንከሎ፡ ኢሳያስ ሓንሳብ ንሓዋሩ ንምድምሳሶም ዝዓለመ መጠነ ሰፊሕ ዝኾነ ወተሃደራዊ ምድላዋት ክገብር ተራእየ። ነዚ ዕማም'ዚ ንምዕዋት ድማ፡ ኣስታት 2000 ዝኾኑ ካብ ምሩጻት ወተሃደራቱ ኣሰሊፉ ከም ዘሎ ይሕበር። ነዚኣቶም ብክልተ ኣቕጣጫታት ማለት፡ ሓደ ሓይሊ ካብ ቆሓይቶ ተበጊሱ ክሳብ ዲያት ኣብ ዝወርድ መስመር ከሰልፎ እንከሎ፡ እቲ ካልኣይ ድማ ካብ ዓረት ተበጊሱ ክሳብ ደግዓ ቀጺሉ ድማ ክሳብ ሮብሮብያ ኣብ ዝኸይድ መስመር ዘርጊሕዎ ከም ዘሎ ይፍለጥ። ኣብ ሓደ መስከረም 2009፡ ኩሉ ዓይነት ብረት ዝተሳተፎን፡ ብሄሊኮፕተራት ዝተሰነየን 8 ሰዓታት ዝወሰደ ጽዕጹዕ ውግእ ኣብ ገረንቶ ዝተባህለ ቦታ ምክያዱን፡ ኣብ ልዕሊ ወተሃደራት ስርዓት ኢሳያስ ሰፍ ዘይብል ኪሳራታት ከም ዝወረደን ተሓቢሩ'ዩ። ኣብ'ዚ ውግእ'ዚ፡ ካብ 25 ንላዕሊ ወተሃደራት ኢሳያስ ክቕተሉን፡ ማእለያ ዘይብሎም ክቘስሉን እንከለዉ፡ ካብ ዕጡቓት ተቓወምቲ 5 ከም ዝተሰውኡ ይሕበር። ከምኡ'ውን፡ ንጽባሒቱ 2 መስከረም 2009 ኣብ ደቡባዊ ምብራቕ ኣከለጉዛይ ዝርከብ ገርሳባ ዝተባህለ ቦታ ውግእ ተኻይዱ። ቀጺሉ ኣብ 5 መስከረም 2009 ኣብ ሮብሮብያ ዝተባህለ ታሪኻዊ ቦታ ዝተኻየደ ወተሃደራዊ ግጥምያ ድማ፡ ካብ ወተሃደራት መንግስቲ 6 ክሞቱ እንከለዉ፡ ክልተ ካብ ዕጡቓት ተቓወምቲ ከም ዝተሰውኡ ይፍለጥ።

ንዓና ነቶም ብቐረባ ክንከታተሎ ዝጸናሕናን ተመሳሳሊ ተመኩሮ ዝጸንሓናን፡ ተላዒሉ ዘሎ ብረታዊ ዓመጽ ኣብ'ዚ ደረጃ'ዚ ምብጽሑ ብዙሕ ከገርመና ኣይክእልን'ዩ። ሰውራ ኤርትራ ንባዕሉ ካብ ሓደ ገርሰት ዝተባህለ ኣብ ምዕራባዊ ቆላታት ኤርትራ ዝርከብ ንእሽቶ ቦታ ክብገስ እንከሎ፡ ህዝባዊ ደገፍ ስለ ዘሰነዮ ኣበይ ከም ዝበጽሐ ንዝክር ኢና። እዚኣቶም'ውን ሃገራውን ፍትሓውን ጠለባት ንምምላሽ ዝተበገሱ ተቓለስቲ መንእሰያት ስለ ዝኾኑ፡ ምስ ስርዓት ህግደፍ ምሒር ተማሪሩ ዘሎ ህዝቢ ክስዕቦም ምዃኑ ብሩህ'ዩ። ክንዲ ዝኾነ፡ እናስፋሕፍሐ ናብ ዝኸይድ ተርእዮ ተቓውሞ ክድይቡ ምዃኑኖም ንጠራጠረሉ ኣይኮነን።

ሰውራ ኤርትራ ጌና ከይዓኾኽ እንከሎ ካብ ህዝቢ ንምንጻሉ፡ ባዕዳውያን ገዛእቲ ኣብ ልዕሊ ሰላማዊ ህዝቢ ማእለያ ዘይብሉ ግፍዕታትን ጅምላዊ ቅትለታትን ፈጺሞምዮም። ሕጂ'ውን ስርዓት ህግደፍ ልክዕ ነቲ ዝሓለፈ ተሞኩሮ ባዕዳውያን ክደግሞ'ዩ ዝርአ ዘሎ። ነዚ ዝመልከት፡ ብ5 ነሓሰ 2009 ንህዝቢ ፎሮ ኣኪቡ ከፈራርሖን ከጉባዕብዓሉን ከም ዝወዓለ ውድብና ግዛድኤ ሓቢሩ ነይሩ'ዩ። ኣብ መወዳእታ ሰሙን ነሓሰ'ውን ኣስታት 16 ዝኾኑ ተቐማጦ ሓሲዮ ኣሲሩ የሳቕዮም ከም ዘሎ ብዜናዊ ማዕከናትና ኣቢልና ከም ዘቃላሕናዮ ይዝከር። ኣብ 5 ጥቅምቲ 2009 ድማ፡ ኣብ ከባቢ ፎሮ ዝርከባ ዓድታት ህዝቢ ኣኪቡ ከፈራርሖን ከጠንቅቖን ከም ዝወዓለ ይፍለጥ። ሕጂ ድማ፡ ካብ ክቱር ስግኣት ዝተላዕለ፡ ኣብኡ ዝነበረ ኣባይቲ ከይተረፈ ኣዕኒዩ፡ ኣብ ዊዓ ዝነበረ መደበር ታዕሊም ብለይቲ ራሕሪሕዎ ከም ዝኸደ ተረጋጊጹ ኣሎ። ነቶም እዚ ከባቢ'ዚ ዘይፈልጡ፡ ኣብ ዝሓለፈ ቅንያት ውግኣት ዝተኻየደሉ ቦታታት፡ እቲ ንዊዓ ዝቐረበ ሮብሮብያ መንገዲ ፍርቂ ሰዓት ጥራሕ ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ዝረሓቐ ገረንቶ ከኣ መንገዲ ክልተ ሰዓትን ፈረቓን ዝወስድ ኮይኑ ይርከብ። ካብ'ዚ ተበጊስና ድማ፡ ካብ መደበር ታዕሊም ዊዓ ብሃንደበት ዘልቀቐ ምኽንያት፡ ዕጡቓት ተቓወምቲ ነቲ ኣብ መደበር ዊዓ ዝምልመል ዝነበረ መንእሰይ ጸልዮም ሰብኣዊ ሓይሊ ከይረኽቡ፡ ካብ ዝሓደሮ ስግኣት ዝነቐለ ከይኮነ ኣይተርፍን ዝብል ግምት ኣሎና።

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ድማ፡ ዕጡቕ ተቓውሞ ካብ'ዚ ውግኣት ክካየደሉ ዝቐነየ ከባብታት ሰጊሩ፡ ክሳብ ሩባ ዕንደሊ ልሒሙ ከም ዘሎ ምንጭታትና የረጋግጹልና ኣለዉ። ዘዕጠቐም ብረት ኣንጻሩ ከየቕንዑ ካብ ዘለዎ ስግኣት ተበጊሱ ድማ፡ ኣብ ከባቢ ዕንደሊን ራጋሊን ኣዕጢቕዎም ዝነበረ ምልሻታት ብረቶም ከም ዘሕደጎም ተረጋጊጹ ኣሎ።

# ዜናታት

## ዘይእዉጅ ማዕቐብ
## ኣብ ልዕሊ ህዝቢ፧

"ኣብዛ ሃገር እኽሊ ምሻጥን ምልዋጥን ብሕጊ ክልኩል'ዩ" ዝብል ዘይውርዙይ ኣምር ዲክታቶር ኢሰያስ ኣፈወርቂ ኣብ ተግባር ይውዕል ኣሎ። እዚ ከኣ እምቢ ንዲክታተርነት ብዝብል ሕራነ ኣንጻሩ መኸተ ተወሊዕሉ ኣብ ዘሎ ከባብታት ምብራቓዊ ኣከለጉዛይ፡ ስርዓት ኢሰያስ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ይቕረ ዘይባሃሎ ንሕስያ ዘይብሉ ጨካን ሰይጣናዊ ግፍዕታት ይፍጽም ከምዘሎ ምንጭታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ካብቲ ከባቢ ብሓዘን ይገልጹ ኣለዉ።

ምንጭታትና ከምዝሕብርዎ ዘለዉ ለብዘበን  እቲ ከባቢ ብድርቂ ዝተጠቕዐ ምዃኑ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሰያስ ኣንዳዕዲዑ እንዳፈለጠ፡ ናይ ረድኤት ሓገዝ ጠንቀስ ኢሉ ከይበጽሖም ክልከላ ገይሩ፡ ናብ ካልእ ከባብታት ከይዶም እኽሊ ከይገዝኡ'ውን ጸቒጢ ይገብረሎም ስለ ዘሎ ምርጫ ናይቲ ከባቢ ህዝቢ ኣብ ገዛኻ ተኾርሚኻ ሞት ወይ ከኣ ናብ ስደት ሃጽ ኢልካ ምኻድ ኮይኑ ኣሎ።

ከም ውጽኢት ናይዚ ጨካን ስርዓት'ዚ ካብ ዲያት፡ ደቕዓ፡ የዓለ፡ ወሳና፡ ... ዝበሃል ከባብታት ዝተኣከበ ብዙሕ ህዝቢ ኣብ ሩባ መሳልሕ ዝበሃል ጎላጉል ጥቓ ከተማ ዓዲ ቀይሕ ዛሕ ኢሉ ክነብዕ ይውዕልን ይሓድርን ከምዘሎ ምንጭታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ካብቲ ቦታ ሓቢሮም። መበገሲ ናይዚ ኩሉ ግፍዒ ናይቲ ስርዓት መግለጺ ጭካነ'ኳ እንተኾነ "ዓሳ እንተደሊኻ ባሕሪ ኣንጽፍ" ከምዝበሃል ነቶም ኣብ ምብራቓዊ ኣከለጉዛይ ኣንጻር ዲክታተርነት ዝምክቱ ዘለዉ ጀጋኑ መንእሰያት ሰኣን ዓንጋሊ ፋሕ-ብትን ደኾን ይብሉ ይኾኑ ካብ ዝብል ቀቢጸ ተስፋ ዝተበገሰ ምህዞ ከምዝኾነ ፈለጥቲ ውሽጢ ምንጭታትና ይሕብሩ ኣለዉ።

ብኻልእ ሸነኽ ከኣ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሰያስ ሓላዪ ንኽመስልን ንህዝቢ ንክታልልን ኣብ ዝሓለፈ ኣዋርሕ ኣንጻርና ሸፊቶም ንዘለዉ ትተሓባበሩ ኢኹም ብዝብል ምስምስ ካብ ሰንዓፈ፡ ዓዲ ቀይሕ፡ ፎሮን፡ ከባቢኡን ኣኪቡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዳጕንዎም ዝጸንሐ ዜጋታት ኣብዚ ግዜ'ዚ ይለቖም ኣሎ። እዚ ከኣ ንምድንጋር ዝተማህዘ ሽርሒ እምበር ሓልዮት ህዝቢ ኣይኮነን።

ስለዚ ዝብእስ ዝብኢ ደኣምበር በጊዕ ኣይከውንን ከም ዝበሃል ምስላ ወለድና፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሰያስ ካብ ሰይጣናዊ ተግባራቱ ተጣዒሹ ብጉዳይ ህዝቡ ክግደስ'ዩ ኢልካ ካብ ምሕሳብ ካብ እንቋቑሖ ተመን ርግቢት ምጽባይ ይሓይሽ ብምባል ምንጭታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ካብቲ ከባቢ ሓቢሮም።

## ኣብ ኣከለጉዛይ  ጥሜትን ዓጸቦን ዝኸፍአ ተርእዮ፧

ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሳያስ ኣብ ኣከለጉዛይ፡ ካብ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ጀሚሩ ክሳብ ብወገን ቀይሕ ባሕሪ ምብራቓዊ ኣከለጉዛይ ንዝነብር ህዝብና ብሓፈሻ፡ ካብ ዕንደሊ ክሳብ ዓላ ከባቢ ንዝነብር ከኣ ብፍላይ፡ ጨካን ማዕቀብ እኽሊ (ቁጠባዊ ክልከላ)፡ ካብ ቀዳማይ ሰሙን ወርሒ ሕዳር 2009 ጀሚሩ ኣንቢርሎም ከምዘሎ ምንጭታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ካብቲ ከባቢ ይሕብሩ ኣለዉ።

ካብ መጀመርታ ሰሙን ወርሒ ሕዳር 2009 ጀሚሩ ጸረ ህዝቢ ዝኾነ ሽፋ ዑመር ሹም ዝርከቦም ላዕለዎት ኮሎኔላት ኣባላት ስለያ ስርዓት ኢሳያስ ኣብቲ ዝተጠቕሰ ከባቢታት ንዝቕመጡ ዜጋታት በብከባቢኦም (ዓድታቶም) እንዳኣከቡ “ስምዑ ንስኻትኩም ኣንጻር መንግስቲ ትኾኑ ኣሎኹም። ኣብዚ ዋላ ብጥሜት እንተተፋሓስኩም መንግስቲ እኽሊ ዝበሃል ኣይዕድለኩምን'ዩ። ክሳብ 15 ታሕሳስ 2009 ናብ ጋሽ-ባርካ ክትወርዱ ኢኹም። ተዳለዉ። ኣይግዕዝን ዝበለ ከኣ ብሕጊ ክቕጻዕ'ዩ” ዝብል ንሕስያ ዘይብሉ ጨካን መጠንቀቕታ ከም ዝሃቡዎም ምንጭታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣረጋጊጾም ሓቢሮም።

ናብ ጋሽ-ባርካ ክሳብ ዝወርዱ ቁጠባዊ ማዕቀብ ተበይንሎም ዘለዉ ነበርቲ ዓድታት ዝርዝር ከኣ ዋንጋቦ፡ ጋብጋብ፡ ኣዓላ፡ ዳብራ፡ ኣሳድ፡ ራጋለ፡ ዕንደሊ፡ ናባጋደ፡ ሓዳስ፡ ጢሻ፡ ጋራጋፍ፡ ... ወዘተ ዝቕመጡ ምዃኖም ምንጭታት ግሃድኤ ኣረጋጊጾም። ከምኡ'ውን ካብ ሰንዓፈን ኢራፋለን ብሕቡእ እኽሊ ንዝሸጡን ብሕውነት ንዝለገሱን ዜጋታት ብጂምላ ከም ዝዓፈኖም ምንጭታትና ሓቢሮም።

ሽግር ዋሕዲ እኽሊ ኣብ መላእ ሃገር ተኸሲቱ ዘሎ'ኳ እንተኾነ፡ ብፖለቲካዊ ሒሳባት ኣብተን ዝተጠቕሳ ዓድታት እኽሊ ምዝርጋሕ ብመንግስቲ ተኸልኪሉ'ዩ። እዚ ከኣ መቕጻዕቲ ንህዝብና'ዩ። ኣብ ኣከለጉዛይ ቁጠባዊ ማዕቀብ ዝተነበረሉ ህዝቢ፡ ካብ ኣብ ወጻኢ ዝቕመጡ ደቆምን ኣሕዋቶምን ገንዘባዊ ሓገዝ እንተረኸቡ'ውን ናብ ዕዳጋታት ዓዲ ቀይሕ ወይ ሰገነይቲ ወይ'ውን ሓድሽ ዓዲ ከይዶም እኽሊ ክገዝኡ ብፍጹም ኣይፍቀድን'ዩ። ከምኡ ክገብር ዝተረኸበ ዜጋ ከም ማዕቀብ ዝጠሓስ ተቖጺሩ ንማእሰርትን ካልእ ስቅያትን ክሳጣሕ ጸኒሑን ኣሎን።

“ዘይብላ ኣዴኻ ካብ ከውሒ ትጸንዕ” ከም ዝባሃል ግዳይ ኢ-ሰብኣዊ ቁጠባዊ ማዕቀብ ስርዓት ኢሳያስ ዝኾኑ ዜጋታት ክብሮም ተቐንጢጡ፡ ወጅሆም ብሕፍረት ተደዊኑ፡ ኣዒንቶም ብጥምየት ጨምጪሙ። ስርዓት ኢሳያስ ንዝበየነሎም ጥሜት መታን ክቃወሙ ገለ ኣዴታት ዘኽታማትን ድኻታትን ህጻናት ሓቝፈንን ሓዚለንን፡ ዓበይቲ ኣቦታት ምርኩስ ተደጊፎምን ንልመና ተሳጢሖም ኣብ ጎደናታት ሰገነይቲ፡ ዓዲ ቀይሕ-ሰንዓፈ እልምኑ ኣለዉ። ገሊኦም ከኣ ኣብ ኣፍደገታት መሳጊድን ካቶሊካዊት ቤት ክርስትያንን ተጸጊዖም ከምዝውዕሉ ዘለዉ ምንጭታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ጸብጻቦም ሓቢሮም።

## ኣኼባ ኣባላት ግሃድኤ
## <u>ኣብ ሆላንድ - ሮተርዳም፡</u>

ብኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ጨንፈር ሆላንድ ብዝቖረበ ናይ ኣኼባ መጸዋዕታ ጠለብ መሰረት 14 ሕዳር 2009 ኣብ ሮተርዳም፡ ብኣባላት ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ ተማእኪሉ፡ ዕዉት ሓፈሻዊ ኣኼባ ምቕንዑ፡ ካብቲ ቦታ ሽማግለ ጨንፈር ግሃድኤ ዝተላእከ ጸብጻብ ሓቢሩ።

ሽማግለ ጨንፈር ሆላንድ፡ ውዕሎ ናይቲ ኣኼባ ኣመልኪቱ ብዝርዝር ከምዝሓበሮ፡
መጸዋዕታ ኣኽቢሮም ንዝመጹ ኣባላት ናይ እንቋዕ ድሓን መጻእኩም መደረ ድሕሪ ምቕራብ እቲ ኣኼባ ብቐጥታ ናብ ስርሑ ምጅማር ኣትዩ። መግለጺ ብዛዕባ ንጉባኤ ግሃድኤ ኣካቢብዎ ዝነበረ ኩነታት ብዝምልከት ሰፊሕን ዝርዝርን መብርሂ ተዋሂቡ። ስዒቡ ጉባኤ ዝተኸተሎ መስርሕ ደሞክራሲያዊ ኣገባብ ዝምልከት መብርሂ ቀሪቡ። እዚ ማለት ብዛዕባ ምልኣተ ጉባኤ፡ ብዛዕባ ኣመራርጻ ሰክረታርያ ጉባኤን ኣመራርሓኣን፡ ብዛዕባ ፖለቲካዊ ውድባዊ ቅርጻ፡ መድረኻዊ መደብ ዕዮ ብዝምልከት ዝተወስደ ኣገባብን ምጽዳቕ ውሳኔታትን ካልእ ስራሓት ውድብን፡ ብዛዕባ ኣመራርጻ ኣምራጺት ሽማግለን ኣመሓዳድራ ናይ ምርጫ ስነ-ስርዓትን፡ ከምኡ'ውን ውጽኢት ምርጫ ኣገላልጻን ብሓፈሽኡ ጉባኤ ዝተኸተሎ ደሞክራሲያዊ ኣገባብ ብሰፊሑ መግለጺ ተዋሂቡ።

ድሕሪ'ዚ ናይ ሕቶን መልስን መድረኽ ንተሳተፍቲ ኣኼባ ዕድል ተዋሂቡ። ኣኼበኛታት ድማ ኩሉ ዘይበርህን ሕርኽርኽ ዝብሎምን ዘበለ ብዘይ ገለ ገደብ ክሓቱ ከም ዘለዎም ስለ ዝፈልጡ፡ ሕቶታቶም ብብስለትን ሓላፍነት ብዝመልኦ ኣገባብን ብዘይ ስክፍታ ኣቕሪቦም። ብፍላይ'ውን ንብሓሶትን ብቤላ-ቤሎው ፕሮፖጋንዳ ዝተዓብለኹ፡ ብጽቡቕ ናይ ግሃድኤ ዘይምነዩ ባእታታት ክንዝሑ ንዝጸንሑ ጉዳያት ከይተረፉ ኣመልኪቶም ተሳተፍቲ ኣኼባ ኣገደስቲ ሕቶታት ኣቕሪቦም። ንኩሎም ሕቶታት ብብሩህ ዝገልጽን ንብናይ ሓሶት ዝተጎልበቡ ፕሮፖጋንዳዊ ወስታታት ከይተረፈ ጥራሕ ዝባኖም ኣውጺኦም ዘቃልዕ መግለጺታት ቀሪቦም። ተሳተፍቲ ኣኼባ ድማ ብዝተዋህቦም መብርህታት ዕጉባት ምዃኖም ድምጾም ኣስሚዖም እዮም።
ኣብ መወዳእታ ድማ መድረኽ ናይ ለበዋታት ምስ ተኸፈተ፡ ኣኼበኛታት ሃነጽቲ ዝኾኑ ለበዋታትን ርእይቶታትን ኣቕሪቦም። ኮምኡውን ግሃድኤ ጉባኤኡ ብዓወት ብምዝዛሙ ዮሃናና ነቕርብ ኢሎም። ብተወሳኺ ኣማእከልቲ ኣኼባ ድማ ብተገዳስነት መጺኦም ንዝቐረብዎ መብርህን ንሕቶታት መልስን ኣመልኪቶም ምስጋንኦም ድሕሪ ምቕራብ ኣኼባ ብዓወት ምዝዛሙ፡ ሽማግለ ጨንፈር ግሃድኤ ካብ ሮተርዳም ኣብ ዝለኣኸልና ዜናዊ ጸብጻብ ሓቢሩ።

## ዑደት ስነ-ጥበባዊ ገዛኢ ኪዳነ ናብ ዕጡቕ ኣሃዱታት ግሃድኤ፡

ኣባል ማእከላይ ባይቶ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ብጻይ ገዛኢ ኪዳነ ናብ ጀጋኑ ዕጡቕ ኣሃዱታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዝርከብሉ ከባብታት ብኣካል ብምብጻሕ ሰፊሕ ዑደት ኣካይዱ። ስነ-ጥበባዊ ገዛኢ ኪዳነ፡ ኣብ ቦታ ዕጡቕ ኣሃዱታት ግሃድኤ ምስ በጽሐ ድሙቕ ኣቀባብላ ከምዝተገብረሉን ብወገኑ ከኣ ምስ ጀጋኑ ሰራዊት ድሕነት ብኣካል ምርኻቡን ንዝካይድዎ ዘለዉ ህዝባዊ ስርሓት ክብ ዝበለ ፍናንን ሓበንን ከምዝስምዖ ምግላጹ ዝበጽሓና ጸብጻብ ሓቢሩ።

ስነ-ጥበባዊ ገዛኢ ኪዳነ ምስ ሰራዊት ድሕነት ተራኺቡ ብዛዕባ ጥበብ ዝምልከት ብፍላይ ከኣ ኣብ ኣጠቓቕማ ግጥሚ ኣመልኪቱ ብዙሕ ቁምነገራዊ ሓዘል ትምህርቲ ከምዝሃበ ተሓቢሩ። ብተወሳኺ ብ/ገዛኢ ኪዳነ ብዛዕባ መስርሕ ቀዳማይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ውጽኢቱን ኣመልኪቱ ንሰራዊት ድሕነት ብዝርዝር ከምዘብረሆን፡ ንዝቐረብሉ ሕቶታት ከኣ ዘዕግብ መልሲ ከምዝሃበን ካብቲ ቦታ ዝተላእከልና ጸብጻብ ሓቢሩ።

ኣባል ማእከላይ ባይቶ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ብ/ገዛኢ ኪዳነ ኣብ ዑደቱ፡  ኣብ ብሄራዊ  ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ምስ ዝምልከቶም ላዕለዎት ኣካላት መንግስቲ ተራኺቡ ኣብ ኣገደስቲ ዛዕባታት ዘድሃበ ሰፊሕ ዘተ ከምዘካየደ ተሓቢሩ።

ካልእ ብተወሳኺ ሓንቲ ህብብቲ ጉጅለ ባህሊ ብመንእሰያት ኤርትራውያን ዝተነድቀት ንምቛም ተበጊሱ ዘሎ ጅማሮ ንምዕዋት፡ ኩሎም ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ብሓባር ዘይሕለል ጻዕርታት የካይዱ ከምዘለዉ ስነ-ጥበባዊ ብ/ገዛኢ ኪዳነ ሓቢሩ።

## ኣኼባ ኣባላት ጨንፈር ጂዳ ግሃድኤ፡

መላእ ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ጨንፈር ጂዳ 20 ሕዳር 2009 ኣኼባ ከምዘካየዱን፡ ኣብቲ ውዕሎ ጨንፈራዊ ኣኼባ መጀመርያ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኹም ቃል ከምዝቐረበን፡ ቀጺሉ ንጨንፈር ጂዳ ወኪሉ ኣብ ቀዳማይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዝተሳተፈን፡ ኣብ ምዕዋት ጉባኤ ልዑል ግደ ዘበርከተን፡ ኣብ መዛዘሚ ጉባኤ ከኣ ኣባል ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ ኮይኑ ዝተመርጸን ብጻይ ኣቡበከር ዓሊ ሙሓመድ ዘማእከሎ ድሙቕን ርሱንን ኣኼባ ኣባላት ምክያዱ ካብቲ ቦታ ዝተላእከልና ጸብጻብ ሓቢሩ።

ኣብቲ ጨንፈራዊ ኣኼባ፡ ብ/ኣቡበከር ዓሊ ሙሓመድ፡ መስርሕ ቀዳማይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣመልኪቱ፡ ብዛዕባ መላእ መሰረታት ግሃድኤ ቀዳማይ ጉባኤና ንምዕዋት ዘርኣይዎ ኩለመዳያዊ ተወፋይነትን ጽንዓትን፡ ዓንቀፍቲ ንዝኾኑ ተርእዮታት ዝተወሰደ ውሕሉልን ደሞክራስያዊ ኣገባብ ኣተኣላልያ ጎነጽን ኣመልኪቱ ሰፊሕ መብርሂ ድሕሪ ምሃብ፡ መስርሕ ጉባኤ ካብ መጀመርያ ክሳብ መዛዘሚ ንዝነበረ ኩነታት ኣሰራርሓን ደሞክራስያውነትን ብደቂቕን ብዝርዝርን ዝዳህሰሰ መብርሂ ከምዝሃበ ተሓቢሩ። ድሕሪ ሰፊሕ ሓበሬታ ምሃብ፡ መድረኽ ንሕቶን ርእይቶን ክፉት ከምዝኾነ። ካብ ኣባላት ንዝቐረቡ ሕቶታት ከኣ ዘዕግብ መልሲ ብብጻይ ኣቡበከር ዓሊ ከምዝተዋህበን፡ ኩሎም ኣባላት ከኣ ብዝተዋህቦም ዝርዝር መግለጺ ዓጊቦም ንምዕዋት ውሳኔታት ቀዳማይ ጉባኤ ግሃድኤ ብተዓጻጻፍነት ክሰርሑ ምኳኖምን ድልውነቶምን ከምዘረጋገጹ እቲ ዝበጽሓና ጸብጻብ ሓቢሩ።

ጨንፈራዊ ኣኼባ ኣባላት ግሃዳኤ ጂዳ ኣብ መደምደምታ፡ ዳግመ ስርርዕ ከምዘካየደን ገዲም ተጋዳላይ ብ/ሮመዳን ዑመር ደረንካ ብደሞክራስያዊ ኣገባብ መረጻ፡ ኣቦ-መንበር ጨንፈር ጂዳ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኮይኑ ከምዝተመርጸን እቲ ዝበጽሓና ጸብጻብ ኣፍሊጡ።

ቅድም ኢሉ፡ ድሕሪ ምዕዋት ቀዳማይ ጉባኤ ግሃድኤ፡ ካብ ከተማ ጂዳ ወጻኢ ዝርከባ ከተማታት ንኣብነት ኣብ ጣይፍ፡ ራብቕ፡ መዲና፡ የምቡዕ፡ ዝነብሩ ብዙሓት ገዳይም ተጋደልትን ተደናገጽትን ኤርትራውያን ብዛዕባ መስርሕን ውጽኢትን ቀዳማይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ መብርሂ ንክዋሃቦም ብዝቐረብዎ ጠለብ መሰረት፡ ኣባል ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ ብ/ኣቡበከር ዓሊ ናብዘን ዝተጠቐሳ ከባብታት ብኣካል ዑደት ከምዘካየደን ዑደቱ ውጽኢታዊ ከምዝነበረን ተሓቢሩ። ኣብቲ ከባብታት ዝነብሩ ኤርትራውያን ፍሉይ ስምዒት ከምዝሕደረሎምን “ትንሳኤ ሰውራ” ክብሉ ከምዝገለጽዎን ዝበጽሓና ጸብጻብ ወሲኹ ሓቢሩ።

## *ዕዉት ሰሚናር ኣባላት ግሃድኤ*
## *ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ፧*

ነባርነቶም ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ካብ ዝኾኑ ኣባላት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፣ ብመሰረታቶም ተወኪሎም ኣብቲ ካብ 15-21 ጥቅምቲ 2009 ዝተኻየደ ዕዉት ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ ግሃድኤ ዝተሳተፉ፣ ኣብ መዛዘሚ ጉባኤ ከኣ ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ኮይኖም ካብ ዝተመዘዙ ብጾት ናብ ቦትኦም ምስተመልሱ ዘማእከልዎ፣ መላእ ኣባል ግሃድኤ ዞባ ሰሜን ኣሜሪካ ዘሳተፈ ሰፊሕ ሓባራዊ ሰሚናር ብ21 ሕዳር 2009 ምክያዱ፣ ክፍሊ ዜና ዞባ ሰሜን ኣሜሪካ ግሃድኤ ኣብ ዝልኣኾ ጸብጻብ ሓቢሩ።

እቲ ዝበጽሓና ጸብጻብ ወሲኹ ከምዝሓበሮ፣ መላእ ኣባል ግሃድኤ ዞባ ሰሜን ኣሜሪካ ዝተሳተፎ ድሙቕ ሰሚናር ብመሪሕነት ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ ተማእኪሉ መስርሕ ዕዉት ቀዳማይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፣ ሳላ ዘይሕለል ሓያል ተወፋይነትን ልዑል ኣበርክቶን ጽንዓትን መሰረታቱ ንኩሉ ከጋጥም ዝኽእል ዝነበረ ጸገማት በዲሁ ብዓወት ከምዝተዛዘመን፣ መስርሕ ጉባኤ ካብ መጀመርያ ክሳብ መወዳእታ ዝተኸተሎ ደሞክራስያዊ ኣገባብ ኣሰራርሕን ኣፈጻጽማን ብዝምልከት ዝርዝር ስእላዊ መብርሂ ከምዝተዋህበ ተሓቢሩ።
ብተወሳኺ ኣብቲ ውዕሎ ሰሚናር ቀንዲ ብዕምቆት ዝተራእዩ ዛዕባታት እዞም ዝስዕቡ ከምዝነበሩ እቲ ካብቲ ቦታ ዝተላእከልና ጸብጻብ ኣብሪሁ።

1- ኣብ ድሮ ቀዳማይ ጉባኤና፣ ጉባኤ ንከይዕወትን ውድብ ንምብትታንን ንምፍራስን ብውሱናት ውልቀ ሰባት ዝተኣልመ ሸርሕታትን ኣገጣጥምኡን ዝምልከት፣
2- ደሞክራስዊ ባህርያት ጉባኤና ኣብ ከባቢ ዘሕደሮ ኣወንታዊ ጽልዋታት ዝምልከት፣
3- ጉባኤ ዘተኣታተዎ ሓድሽን ምዕቡል ኣገባብ ኣሰራርሓን ውደባን ውሳኔታቱን ብዝምልከት ብዕምቆትን ብደቂቕን ዘተ ምክያዱ ተገሊጹ።

ኣብ መደምደምታ መድረኽ ሰሚናር ንሕቶን ርእይቶን ተሳተፍቲ ክፉት ከምዝኾነን ንዝቐረቡ ሕቶታት ብኣባላት ተሳተፍቲ ጉባኤ ዝነበሩ ብጾት ዘዕግብ መልሲ ከምዝተዋህበን፣ ድሕሪ'ዚ ተሳተፍቲ ሰሚናር ለበዋታቶም ናብ ዞባ ሰሜን ኣሜሪካ ዝርከቡ ኣባላት ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤ ከምዝቐረቡን፣ ኣብ መወዳእታ ከኣ ድሕነት ህዝብን ሃገርን ልዕሊ ኩሉ ዝብል መሪሕ ጭርሖ ግሃድኤ ተግባራዊ ንምግባርን ውድብና ንምሕያልን ኣበርቲዖም ክሰርሑ ምዃኖም፣ ጎኒ ንጎኒ ምስዚ ከኣ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንምሕያል ብዕቱብ ክቃለሱ ምዃኖም መብጻዓ ብምሕዳስ ኣኼብኦም ከም ዝዛዘሙ ክፍሊ ዜና ዞባ ሰሜን ኣሜሪካ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ዝለኣኾ ጸብጻብ ሓቢሩ።

## *ጉጅለ ባህሊ ድሕነት*
## *ፈላሚ ምርኢት ንህዝቢ ኣቕሪባ፧*

ዝፈትውዋ ሃገሮም ብሰንኪ መሪር ጭቆና ስርዓት ኢሰያስ ኮርኲሓቶም ናብ ስደት ከምርሑ ግድን ዝኾኖም መንእሰያት፣ ናብራ ስደት'ውን እንተኾነ መፍትሒ ኣይኮነን ዝብል ዕግበት ሒዞም ብዝካኣሎም ኩሉ ተወዲቦም ኣንጻር ዲክታተርነት ክቃለሱ ዝዓገቡ መንእሰያት ኤርትራውያን ብ29 ሕዳር 2009 ጉጅለ ባህሊ ብወግዒ መስሪቶም ቃልሳዊ እጃሞም ከበርክቱ ፈላሚ ሙዚቃዊ ምርኢት ኣብ ኣዲስ ኣበባ ንህዝቢ ኣቕሪቦም።

እዛ ብወግዒ ተመስሪታ ንዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሰያስ ሃላልነት ከተቃልዕ ምንቅስቓስ ትጅምር ዘላ ጉጅለ ባህሊ መንእሰያት ኤርትራውያን፣ መጸውዒ ስማ ድሕነት ዝብል ከምዝኾነ ኣብ ዕለተ ልደታ 29 ሕዳር 2009 ሓቢራ። ጉጅለ ባህሊ ድሕነት ኣብቲ ብምኽንያት ምስረታኣን በዓል ዒድ ኣልኣድሓን ዘቕረበቶ ሙዚቃዊ ምርኢት፣ ኣባላት ውድባት ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳንን ዕድመ ዝተገብረሎም ዕዱማት ኣጋይሽን ተረኺቦም።

ጉጅለ ባህሊ ድሕነት፣ ንዕዱማታ ካብ ዘእንገደቶ፣ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ፣ ብሰንኪ ግጉይ ፖሊሲ ስርዓት ኢሰያስ ልጓም ኣልቦ ሃላልነት ዝወርድ ዘሎ ዘይተኣደነ ሕሰመ መከራ ንምግታእ ዘበራብር ናይ ሕራነ ግጥምታት፣ ሙዚቃ፣ ዋዛ ምስ ቁምነገር፣ ተዋስኦ፣ ... ወዘተ ኣቕሪባ ካብ ዕዱማታ ዓቢ ምስጋናን ናእዳን ረኺባ።

ጉጅለ ባህሊ ድሕነት ኣብ ትሕቲ ጽላል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኮይና ንተግባራውነት ድሕነት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ልዕሊ ኩሉ ዝብል መሪሕ ጭርሖ ግሃድኤ ንምዕዋት ብንጥፈት ክትሰርሕ ምዃና ሓቢራ።

## *ኣገናዕ ጅግና ህዝቢ ሰንሒት፡*

3 ታሕሳስ 2009 ኣብ ናይ ድሕሪ ዜና ሰዓት ዓሰርተ ምሸት ቲቪ-ኤረ ኣብ ከረን ዝተገብረ መደብ ኣኼባ ህዝብን ዲክታቶር ኢሳያስን ኣቕሪባ። ከም ሓበሬታ ቲቪ-ኤረ ኣብቲ ኣኼባ ዝተሳተፉ፡ ካብ ከረን፡ ሃበሮ-ጻዕዳ፡ ኣስማጥ፡ ሃመልማሎ፡ ሓጋት፡ ዒላ በርዒድ ዝተኣከበ ጅግና ህዝቢ ሰንሒት ኣብ ቅድሚ ዲክታቶር ኢሳያስ ብልዙብ ኣቀራርባ፡ ኣብ ኣውራጃኡ ዘሎ ስቅያት ህዝቢ ብትብዓት ኣቕሪቡ። ካብቶም ብዙሓት ጸገማት ህዝቢ ዝጸብጸቦም ከም ኣብነት ገሊኡ ንምጥቃስ፡ ኣብ ዝተጠቕሳ ዓድታት ብዙሓት ዒላታት ስለ ዝደረቓ ሕጽረት ዝስተ ማይ፡ ብሰንኪ ድርቂ ስእነት እኽልን ምህላዉ ተገሊጹ። ከምኡ'ውን ትምህርትን ሕክምናን መጓዓዝያን ከም ዘየሎን፡ ሕርሻ ዒላ በርዒድ ከም ዝዓነወን፡ ሕጽረት ኤሌክትሪክን ብስእነት ነዳድን ጀራዲን ከም ዝነቐጻን፡ ዲጋ-ሓዲሽ ዓዲ ከም ዝተበላሸወን ብምረት ተሓቢሩ።

ዲክታቶር ኢሳያስ፡ ንፍትሓዊ ሕቶታት ህዝቢ ሰንሒት ኣብ ምምላሽ ያኢ ንህዝቢ የቀባጥር ኣሎኹ ክብል ብዋዛዋዛ "…….ኣብዚ ዓመት 2009 ብዝተራእየ ሕጽረት ዝናብ ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ሃገርና ሕጽረት መግቢ'ኳ እንተሃለው፡ ዋላ ኣብቲ ጥር ትብል እኽሊ ኣብ ዘይብሉ ከባቢታት ዓጸቦ የሎን" ክብል መሊሱ። ዲክታቶር ኢሳያስ ፍትሓዊ ሕቶታት ህዝቢ ሰንሒት ኣብ መድረኽ ፊት-ፊት ስለ ዝገጠሞ፡ ኣብ ብዙሕ ከባቢታት ሃገርና ሕጽረት መግቢ ኣጋጢሙ ምህላዉ ተኣሚኑ። "…. **ጥር ዝብል እኽሊ ኣብ ዘይብሉ ከባቢታት ሃገርና ግን ዓጸቦ ከም ዘየሎ**" ብምግላጽ ሓሲዩ። ጥር ትብል እኽሊ ኣብ ዘይብሉ ከባቢታት ሃገርና ህዝቢ ንፋስ ዲዩ ዝቕለብ? ወይስ ብተኣምር ይነብር ኣሎ? ከመይ ኢሉ ዳኣ ዓጸቦ ዘየሎ?።

ካብቲ ኣብ ከረን ዝተገብረ ኣኼባ ህዝቢ ሰንሒትን ዲክታቶር ኢሰያስን እንማሃሮ ቁምነገር፡ ህዝቢ ሰንሒት ኣብ ቅድሚ ዲክታቶር ኢሳያስ ብትብዓት ደው ኢሉ ፍትሓዊ ሕቶታቱን ሰብኣዊ ስቅያቱን ከቕርብ ምኽኣሉ፡ ህዝቢ ካብ ፍርሒ ዲክታቶር ቀስ-ብቐስ እናተላቐቐን ንፍትሓዊ ሕቶታቱ እንዳተጣበቐን ይመጽእ ምህላዉን፡ ዲክታቶር ኢሰያስ ከኣ ብፍትሓዊ ሕቶታት ህዝቢ እናተቐርቀረን ሕፍረቱ ዝያዳ እናተቓለዐን ንውድቀት ገጹ የንቀልቁል ምህላዉን ዘርኢ ዓቢ ቁምነገር'ዩ። ኣገናዕ ህዝቢ ሰንሒት።

## ዜናዊ ጸብጻብ ጨንፈር ሽወደን
## ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ፡

ብ/ተጋደላይ ኣሕመድ መሓመድ ናስር ኣቦመንበር ፈጻሚ ኣካል ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ኣብ ሃገረ ሽወደን ምስ ዝተፈላለዩ ዓንኬላትን ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ብዛዕባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝግደሳ ማሕበራትን፡ ከምኡ'ውን ምስ ኣባላት መሰረታት ውድብ ብተኸታታሊ ሰፋሕቲ ዕዮ ኣኼባታት ከካይድ ከምዝቐነየ ጸብጻብ ክፍሊ ዜናን ባህልን ግሃድኤ ጨንፈር ሽወደን ሓቢሩ።

እቲ ካብ ጨንፈር ሽወደን ዝበጽሓና ጸብጻብ ብዝርዝር ከምዝሕብሮ ብ/ኣሕመድ መሓመድ ናስር ኣቦመንበር ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ ምስ፡ ብ/መሓመድ ስዒድ መፍለስ ሰክረተር ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤን፡ ብ/ጃብር ያሲን ኣባል ማእከላይ ባይቶ ግሃድኤን ብሓባር ብምዃን ዝመርሕዎ ኣኼባ ኣብ ሃገረ ሽወደን ከተማ ስቶክሆልም፡ ኣብ መደበር ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ብዕለት 28 ሕዳር 2009 ንመሰረታት ውድብ ግሃድኤ ሰፊሕ ኣኼባ ምክያዱ፡ ብዛዕባ ውጽኢታት ዕዉት ቀዳማይ ጉባኤን ብድሕሪኡ ዝከየድ ዘሎ ንጥፈታት ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ብዝምልከት ሰፊሕ መብርህታት ከምዝተዋህበ፡ ከምኡ'ውን ኣብ ድሮ ቀዳማይ ጉባኤና ገለ ውሱናት ባእታታት፡ ጉባኤ ንምትዕንቓፍ ብዛዕባ ዘካየድዎ ፈተነታት ዝምልከት መብርህታት ድሕሪ ምሃብ፡ ሳላ መሰረታት ውድብ ብዘካየድዎ ጽኑዕ ቃልሲ እቲ ተሓሲቡ ዝነበረ ፈተነታት ምብርዓኑን፡ ብሳላ'ቲ ጽንዓትን ተወፋይነትን መሰረታት ግሃድኤ ዕዉት ጉባኤ ክካየድ ምብቅዑን ገሊጾም። ብተወሳኺ ኣብ ኤርትራ፡ ጸረ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣብ ዝካየድ ሃገራዊ ቃልሲ፡ ግደ ውድብ ንምዕዛዝ ዝተነጸሩ ኣገደስቲ ውሳኔታት ጉባኤ'ውን ጠቒሶም። ኣኼበኛታት ከኣ ብወገኖም ግደኦም ከድምዑን ዝካኣሎም ደገፍ ንውድብ ከበርክቱን ምዃኖም ከምዘረጋገጹን ከምኡ'ውን ሃናጺ ለቦዋታት ንመሪሕነት ከምዘቕረቡን እቲ ዝበጽሓና ዜናዊ ጸብጻብ ሓቢሩ።

ብዕለት 4 ታሕሳስ 2009 ምሸት ኣብ ፓልቶክ (ኤርትራዊ ሞንዳያና ሩም) ዝያዳ ሽዱሽተ ሰዓታት ዝወሰደ፡ ብዛዕባ ህልዊ ሃገራዊ ኩነታትን ውጽኢታት ዕዉት ቀዳማይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራን ዝምልከት ኣኼባ ተጌሩ። ምሕደራ ፓልቶክ ሩም፡ ናይ መስተንግዶ ሓጺር ዘረባ ብምግባር፡ ኣብ መኽፈቲ ንብ/ኣሕመድ ናስር ኣቦመንበር ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤን፡ ንብ/መሓመድ ስዒድ መፍለስ ሰክረተር ማእከላይ ባይቶን ብ/ጃብር ያሲን ኣባል ማእከላይ ባይቶን እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ድሕሪ ምባል፡ ዕድል ንኣቦመንበር ፈጻሚ ኣካል ከምዝተዋህበ እቲ ጸብጻብ ገሊጹ።

ብ/ኣሕመድ ናስር ኣቦመንበር ፈጻሚ ኣካል፡ ኣብ መግለጺኡ ግሃድኤ ቀዳማይ ጉባኤኡ ከካይድ እንከሎ ከቢቦምዎ ዝነበሩ ውድባውን ሃገራውን ኣህጉራውን ኩነታት ዝምልከት ብግልጽን ብስፍሓትን ከምዝገለጸ፡ ንህልዊ ኩነታት ሃገርና ብዝምልከት ከኣ ብሰንኪ ግጉይ ፖሊሲታት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኢሰያስ፡ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ኩሉ መዳያት ሂወት ዘሕልፎ ዘሎ

ስቅያት ከምዘብረሀ፡ ንኩነታት ተቓውሞን ንኣሰራርሓ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ክብ ንምባል ዝካየዱ ዘለዉ ጻዕርታን ብጽሟች ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ጥቅምቲ 2009 መፋርቕ ናይ ዝተጋበአ ውጽኢታት ቀዳማይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ጠቒሱ። ኣብዚ መዳይ'ዚ ነቲ ጉባኤ ኣብ ጊዜኡ ንምክያድን ንምዕዋትን ዝተፈላለዩ ንዋታውን ንያታውን ደገፋት ብምብርካት ወሳኒ ግደ ንዝተጻወቱ መሰረታት ግሃድኤ ንኢዱ። ከምኡ'ውን መንግስቲ ኢትዮጵያ ምስ ውድብና ብምትሕብባርን ዕዮ ምስንዳእ ንምስላጥን ዓበይቲ መሳለጥያታት ንኣሰናዳኢት ሽማግለ ብምብርካትን፡ ጉባኤኛታት ኣብ ምእካብን ጉባኤ ንምዕዋትን ብዝነበሮ ወሳኒ ግደ ንህዝብን መንግስትን ኢትዮጵያ ልዑል ምስጋናኡ ከምዝገለጸ ተሓቢሩ።

ከምኡ'ውን ብ/መሓመድ ስዒድ መፍለስ ብወገኑ፡ ነተን ኩለን ንጉባኤና ኣሳልጦን ዓወትን ዝተመነያ መሓዙት ፖለቲካዊ ውድባትን ሲቪላዊ ማሕበራትን ልዑል ሞጎሱ ከምዝገለጸ። ከምኡ'ውን ንጥፈታት (ፈዓሊያት) ቀዳማይ ጉባኤ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ብኣወንታዊ ኣቀራርባ ናብ ሰፊሕ ህዝብናን ካልኦት ግዱሳትን ንምዝርጋሕ ምሕዝነታዊ ኣበርክቶታት ንዝገበራ ኤርትራዊ (ናይ ኪዳንን ካልኦት ኣዕሩኽ ዌብ ሳይታትን)፡ ናይ ኢትዮጵያ መራኸቢ ብዙሃን (ዝርአ፡ ዝስማዕ፡ ዝንበብ) ንዝገበራኦ ደገፋት ልዑል ምስጋናኡ ከምዝገለጸ፡ ብድሕሪኡ ተሳተፍቲ ብዛዕባ ውድብና ይኹን ብዛዕባ ሃገራዊ ዕዮ ተቓውሞ ሕቶታቶም፡ ርእይቶታቶም፡ ትዕዝብትታቶም ንምቕራብ ዕድል ከምዝተዋህበን፡ ኣቦመንበር ፈጻሚ ኣካልን ኣባላት መሪሕነትን ግሃድኤ ነቲ ዝቐረበሎም ሕቶታት ብዘዕግብ ከምዝመለሱን፡ እዚ ድማ ኣብ ተሳተፍቲ ኣብ ህልዊ መድረኽ ህዝብና ዘካይዶ ዘሎ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ ዝጻወቶ ዓቢ ግደ ዘርኢ ኣወንታዊ ስእሊ ከምዝነበረ እቲ ጸብጻብ ኣብሪሁ። ብተወሳኺ ብ/ዶክቶር ሃብተ ተስፉ ማርያም ኣቦመንበር ማእከላይ ባይቶን ብ/ዕቁባዝጊ ድቡስ ኣባል ማእከላይ ባይቶን ካብ ተሳተፍቲ ንዝቐርቡ ዝነበሩ ሕቶታት ብሩህን ግልጽን ሓገዝቲ መልስታት ይህቡ ከምዝነበሩ እቲ ጸብጻብ ወሲኹ ሓቢሩ።
ኣቦመንበር ፈጻሚ ኣካልን ኣባላት መሪሕነትን ግሃድኤ፡ ቀዳም 5 ታሕሳስ 2009 ኣብ ከተማ ስቶክሆልም ግዱሳት ኤርትራውያን ዝተሳተፍዎ ሰፊሕ ህዝባዊ ኣኼባ ኣካይዶም። ብ/ስዒድ ኣደም ኣቦመንበር ጨንፈር ሽማግለ ዕድመ ኣኽቢሮም ንዝመጹ ተሳተፍቲ ናይ እንቋዕ ደሓን መጻእኩም ድሕሪ ምባል፡ መድረኽ ንብ/ተጋደላይ ኣሕመድ መሓመድ ናስር ኣቦ-መንበር ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ ገዲፍሉ።

ኣቦመንበር ፈጻሚ ኣካል ግሃድኤ፡ ኣብ መግለጺኡ ንጉባኤ ከቢብዎ ዝጸንሐ ውድባውን ሃገራውን ኣህጉራውን ኩነታትን ውጽኢታቱ ኣብ ኩሉ-መዳያትን ብዝርዝር መብርሂ ከምዝሃበ፡ መላእ መሰረታት ውድብ፡ ጉባኤ ንምክያድን ብዓወት ንምዝዛምን ዝተጻወትዎ ወሳኒ ግደ ዝተሰምየ ኩርዓትን ሓበንን ምግላጹ፡ እዚ ከኣ ናይቲ ውድብ ኣብ ኣገደስቲ መዕርፎታት ገድላዊ ጉዕዞ ሃገራዊ ቃልሲ፡ መሰረታት ግሃድኤ ንዝወነንዎ ደረጃ ብስለት ዘንጸባርቕ ምዃኑ ከምዝገለጸ፡ ብተወሳኺ ጉባኤ ብዕምቆት ካብ ዝዘተየሎምን ፖለቲካዊ ውሳኔታት ዝወሰደሎምን መሰረታውያን ጉዳያት፡ ሕቶ መሬትን፡ ህልዊ ስርዓት ኣብ ኤርትራ ዲሞግራፍያዊ ለውጢ ንምፍጣር ዝጥቀመሎም ዘሎ ኣገባባትን፡ ሕቶ ምምላስ ስደተኛታት ናብ ሃገሮምን፡ ግደ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንምዕዛዝን፡ ምዃኖም ኣመልኪቱ። ካብ እሳት-ገሃነም ንምህዳም ኣብ ጎረባብቲ ሃገራት መዕቆቢ ንምርካብ ዝረአ ዘሎ ጽዑቕ ዋሕዚ ስደት ኤርትራውያን ብሓፈሻ፡ ምናዳ-ምናዳ ድማ ካብ ጽፍሕታት መንእሰያት፡ እዚ ኩነታት ብኸምዚ እንተቐጺሉ ውጽኢቱ ንህልውን መጻእን ኤርትራ ናብ ሓደጋ ዘሳጥሕ ምዃኑ ሓቢሩ። ከምኡ'ውን እዚ ኩነታት'ዚ ንኩለን ፖለቲካውን ሲቪላውን ሃገራዊ ሓይልታት ተቓውሞ ኤርትራ ነቲ ዓቕምታት ቃልሲ ዘባኽን ዘይመሰረታዊ ጉዳያት ንጎኒ ብምግዳፍ፡ ናይ ሰፊሕ ሓፋሽ ኤርትራ ዓቕምታት ናብ ጸረ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ንምስላፍን ምጥርናፍን ረዚን ሓላፍነት ዘሰክም ብምዃኑ፡ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ንምክያድን ምዕዋትን ተበጊስሉ ዘሎ ሰፊሕ ዋዕላ ንዲሞክራስያዊ ለውጢ ካብ ዝኾነ ዝሓለፉ እዋናት፡ ንላዕሊ መድረኻዊ እዋናዊ ሕቶ ምዃኑ ገሊጹ። ስለ ዝኾነ ድማ ንተዓዋትነት ሰፊሕ ዋዕላ ብተወፋይነት ምትሕግጋዝ ከም ዝግባኣና ጻውዒት ከምዘማሓላለፈ ተሓቢሩ።

ብድሕሪ'ዚ ተሳተፍቲ ብርእይቶታቶምን ሕቶታቶምን ለቦዋታቶምን ንክሳተፉ ዕድል ከምዝተዋህበን፡ እቲ መጋባእያ ብቅንዕናን ግልጽነትን ዝተለለየ ሃናጺ ምይይጥ ከምዝነበረ፡ ዝዓበየ ጎኒ ናይ'ቲ ምይይጥ፡ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ውሽጣውን ደገኣውን መዳያት ዓሚቕ ፖለቲካዊ ቅልውላው እናሕለፈ እንከሎ፡ ኣብ በበይኑ እዋናት ኣብ ሞንጎ ተቓውሞ ሃገራዊ ሓይልታት ኣብ ምንጻር ኣገባብ ቃልሲ ዝኽሰት ዘሎ ፍልልያት፡ ንሓይሊ ተቓውሞ የዳኽም ምህላዉ ዝምልከት ከምዝኾነ፡ ኣብ መወዳእታ፡ ብ/ስዒድ ኣደም ኣቦመንበር ጨንፈር ሽወደን ግሃድኤ፡ ንኩሎም ተሳተፍትን ሃናጺ ሓሳባት ብምቕራብ ነቲ ምይይጥ ንዘህብተሙን ብምምስጋን፡ ኣብዚ መጋባእያ ንዝቐረቡ ለቦዋታት ብመሪሕነት ግሃድኤ ዕቱብ ተገዳስነት ክረኽቡ ምዃኖም ብምሕባር ከምዝተዛዘመ ክፍሊ ዜናን ባህልን ግሃድኤ ጨንፈር ሽወደን ኣብ ዜናዊ ጸብጻቡ ሓቢሩ።

## ***ኣይ!! ህግደፍ መንደፍ!!***

ግፍዓዊ ተግባራትካ
ተገላባጢ ባህርያትካ
ገረውሮው ታኒካ
ኣብቂዑ ዘመንካ፣

*ሎምስ ይኣክል በሎ!!*
*ብርሑቕ ደሃሎ*
*መርሆ ህግደፋዊ*
*ምግባሩ ኢ-ሰብኣዊ*
*ነቕንቆ ከይሓዊ፣*

ፈላሊኻ ግዛእ ዝስልቱ
ሚዛኑ መዳለዊ ብጊሓቱ
ቤላ-ቤለው ዝንጎቱ
ይእኸሎ ይፉኖ ንዕርበቱ፣

*መንቀሊኡ ዘይመሰረታዊ*
*ነውራም ዘይሓላፍነታዊ*
*ውርሻኡ ዘይሃስስ ኣሉታዊ*
*ግርማ ዝራሓቖ ስሕዊ፣*

ዲክታቶር ክትብሎ እቲ ዝነኣሰ መግለጺኡ
ኣረሜናዊ ስርዓት ኣበሩ ዘይውዳእ ጣጥኡ
ኣብ ኩናትን ህውከትን ዝነብር ተሓቢኡ
ልሳኑ ዘይእሩም ዘይቅዱስ ቃንኡ፣

## ኣይ! ህግደፍ መንደፍ!!

*ለኻኺምካ ምጥፉእ'ዩ ህግደፋዊ ሜላ*
*ጨካን ከም ኣድጊ ድሕረይ ሳዕሪ ኣይብቆላ*
*ህዝብን ሃገርን ምብራስ ዕላምኡ ኩላ*
*ትምክሕታዊ ፋሽስቲ ላዕለዋይ ቀጸላ፣*

ኩምራ ሓሶታቱ ኣይሰለጠን ተቐባልነት ስኢኑ
ሽበራዊ ውዲታቱ ተቐሊዑ ብኹሉ መኺኑ
ኣብ ዓለማዊ ፖለቲካዊ መድረኻት ተፈንፊኑ
ግዕዙይ ስርዓቱ ኣሪጉ ጠስጢሱ ቆንቆኑ
ዘይተርፍ ስዕረቱ  ሃሚሙ ጋህዲ ኮይኑ።

ካብ ወዲ መምህር
ተጋዳላይ ግንባር ሃገራዊ ድሕነት ኤርትራ
12 ታሕሳስ 2009